# <u>ድሙቕ መበል 40 ዓመት ልደት ህወሓት ኣብ በይ ኤርያ</u>

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ሰሜን ካሊፎርናያ ዝነብሩ ተጋሩን ፈተውቶምን መበል 40 ዓመት ለካቲት 11 ብማርች 7/2015 ብድምቀት ኣብዒለምዎ።

እቲ ብዓል ቅድሚ ብዕሊ ምኽፋቱ፣ ኣብ ዝሓለፉ ብርክት ዝበሉ ናይ ቃልስን ልምዓትን ዓመታት ግደ ተጋሩ ነበርቲ በይ ኤርያ እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ዝገልፅ ብመዳለዊት ኮሚቴ ኢቲ ብዓል ቀሪቡን ኣጋይሽ ሕሉፍ ታሪኹም ተመሲጦም ክዝክሩ ጌርዎም ዩ።

ከምቱ ልሙድ ኢቲ ብዓል ዝተኸፈተ ሰማእታት ብምዝካር እንትኸውን፤ ቀፂሉ ብምኽንያት 40 ዓመት ለካቲት 11 ካብ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ዝተልኣኸ ፅሑፍ ብኣቦ ወንበር ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ጨንፈር በይ ኤርያ ተነቢቡ።

ቀፂሎም ህፃናት ንጀጋኑ ስውኣት ወለዶም ዝገልፅ መዝሙር ተዓጂቦም ዝግባእ ኽብሪ ኸፊሎም። እቲ ህፃናት ዓጂቡ ዝቐረበ መዝሙር “ጅግንነትካ ኣቦይ ሰሚዐ ብወረ፣ ጅግንነትኪ ኣደይ ሰሚዐ ብወረ…ጅግና ጅግና ይወልድ ኣነ ‘የ ካሕሳኹም” ብምባል ተረከብቲ ሕድሪ ምዃኖም ዝገልፅ ‘ዩ።



ክቡር ኣመባሳደር ዘሪሁን ረታ ካብ ቆንስላት ሎስ ኣንጀለስ ኣፍቱ በዓል ናይ ክብሪ ጋሻ ኮይኖም ብምርካብ መልእኽቲ ዘመሓላለፉ እንትኾኑ፤ ኣምባሳደር ዘሪሁን ከምዝሓበርዎ፣ ቅድሚ 40 ዓመታት ብለካቲት 1967 ዓ/ም ዝተወልዐ ቓልሲ ሎሚ ካብ ትግራይ ሓሊፉ ንህዳሴ ኢትዮጵያ መሰረት ከምዘንፀፈን፤ እዙይ ማለት ድማ ዕላማታት ለካቲት 11 ሸትኦም ይወቕዑ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ተወካሊ ደቡብ ህዝብታት ኢትዮጵያን ህዳሴ ማሕበርን ‘ውን ናይ ድጋፍ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም እዮም።

ካብዙይ ብምቕፃል ወናማት ከየንቲ ኣስፋው ጅብጅብን ፀጋዝኣብ ገብረስላሴን ወያናይን ባህላውን ደርፍታት እናባረዩ ኣጋይሽ ሲስ ከብሉ ሓዲሮም እዮም።

ነቲ በዓል ዝተዳለወ ኬክ ብተወከልቲ ማሕበረሰብ ትግራይ እቲ ከባብን ክቡር ኣምባሳደር ዘሪሁ ረታን ብምኧን ተቖሪሱ።



ኣከባብራ ለካቲት 11 በይ ኤርያ ሓደ ፍሉይ ካብ ዝገበርዎ፣ ሓንቲ ኣፈቱ ኸባቢ እትነበር ከኢላ ሓፍትና ክዳውንቲ ብመልክዕ ባንዴራ ትግራይ ብምስፋይ፣ ህፃውንትን መዳለውትን ነቲ ብዓል ፍሉይ ድምቀት ክህቦ ክኢሉ እዩ።

እዙ ብዓይነቱ ፍሉይን ድምቐን ብዓል ንምሕላፍ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ንዝገበሩ ኹሎም፣ መዳለዊት ኮሚቴ ዝዓዘዘ ምስጋና ተቕርብ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንጅጋኑ ሰማእታትና !!

ለካቲት 11/2007 ዓ/ም

በይ ኤርያ፣ ካሊፎርንያ